# ዕጫ ወያነ ዕጫ ታሚል ታይገርስ ዶ ይኸውን?

ሲሪላንካ ወይ ናይ ቀደም ስማ ሰይሎን ኣብ ደቡባዊ ሸነኽ ህንዲ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስ እትርከብ ደሴት ሃገር እያ። እዛ ሃገር ዳርጋ ናይ ሰለስተ ሽሕ ዓመታት ታሪኽ ዘለዋ ሃገር እያ። ዘመናዊ ታሪኻ ግን ካብ 1815 እንግሊዛውያን ክገዝእዋ መስ ጀመሩ እዩ። ኣብ ግዜ መግዛእቲ እንግሊዝ እዛ ናይ ሕጂ ሲሪላናካ ብብርቲሽ ሰይሎን ተባሂላ ትፍለጥ ነይራ። እንግሊዛውያን ድማ ካብ 1815 ክሳብ 1948 ገዚኦማ ብድሕሪኡ ነጻ ወጺኣ።

ኣብ'ዛ ሃገር ኣርባዕተ ኢትኒካዊ ጉጅለታት ይርከቡ። እቶም ዝበዝሑ 74 % ቀዳሞት ነበርቲ ሲሪላንካ ሲንሃሊ ዝብሃሉ ካብ 500 ቅ.ል.ክ ዝፈለሱ እዮም። መብዛሕትኦም ድማ ሰዓብቲ ሃይማኖት ቡድሃ እዮም። ካልኣይ ዝዓበየ ጉጅለ ዲሒሩ ናብ ሲሪላንካ ዝመጹ ታሚልስ ዝብሃሉ እዮም።ታሚልስ ብእንግሊዛውያን ኣብ ናይ ሕርሻ ቡንን ቆጽሊ ሻሂን ጎማን ክሰርሑ ዝመጹ እዮም። ዝበዝሑ እምነቶም ሂንዱ ኮይኖም ውሑዳት ድማ ኣመንቲ ምስልምናን ክርስትናን ኣለዉ።

ታሚላውያን በቶም ዝበዝሑ ሲንሃላውያን ዝምራሕ መንግስቲ ኣድልዎ ይበጽሖም ስለዝነበረ ኣብ መጀመርታ ማዕረ ዕድል ኣብ ስራሕን ትምህርትን ክምኡ'ውን ረጅናል ኣውቶኖሚ ክወሃቦም ይሓቱ ነይሮም። ኣብ 1970 ቬሉፐላይ ፓራባክራን ዝተባህለ ሓደ ምንቅስቃስ መስረቱ። ቀጺሉ ብ1976 ነዚ ምንቅስቃስ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቅ ሲሪላንካ ታሚል ኢልም ዝብሃል ውድብ መስረቱ ካብ 1983 ክሳብ ግንቦት 2009 ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣካይዶም።

ታሚል ታይገርስ ኣብ' ዘን ዝጸንሕወን 26 ዓመታት ኣዝዩ ጨካንን ሓያል ተዋጋኢ ሰራዊትን ናይ ባሕሪ ናይ ውግእ መራኽብንን ክምኡ'ውን ብሰብን ብዘይ ሰብን ዝምርሓ ውሑዳት ናይ ውግእ ነፈርቲ ነሬረንኦም።

ታሚል ታይገርስ ብዙሕ ግብረሽበራዊን ስርሓት ኣካይዶም እዮም። ኣብ ውሽጢ ሲርላንካ ብዙሕ ናይ ፈንጂን ቦምባታትን ምፍንጃር ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ኣካይዶም። ኣብ 1990 ኣብ ሓደ መስጊድ ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ ምስልምና ብዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ 147 ሰባት ሞይቶም። ኣብ ብዙሕ ቦታታት ድማ ንሰላማውያን ሰባት ብግፍዒ ይቀትሉ ነይሮም።

ኣብ ልዕሊ ኣባላቶም'ውን ዘይተኣደነ ግፍዕታት የካይዱ ነይሮም። ደቂ ኣንስትዮን ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ብምስላፍ ቦምብታት ተንጠቂዖም ኣብ ልዕሊ ወተሃደራውን ሰላማውያንን ዝርከብዎም ጠፊኖም ኣትዮም ከም ዝሞቱ ይገብርዎም ነይሮም።

ካብ ሲሪላንካ ወጻኢ ድማ ታሚል ታይገርስ ብ1996 ኣብ ቅትለት ናይ ህንዲ መራሒ ራጂቭ ጋንዲ ተሳተፍቲ ነይሮም።

ብሰንኪ ዘካይድዎ ዝነበሩ ግብረሽበራዊ መጥቃዕትታት 32 ሃገራት ኣሜሪካን ካናዳን ኤሮጳን ህንድን ከም ግብረሽበራዊ ውድብ ፈሊጠንኦም።

<u>**ወያነን ታሚልን ታይገርስን እንታይ እዩ ዘመሳስሎም?**</u>

1- ዕላማ ክልቲኦም ውድባት ጸቢብ ብሄራዊ ትምክሕቲ ዝተዓጥቁ ንረብሓ ውሑዳት መራሕቲ ሃገር ከፍርሱ ዝጽዕሩ እዮም።
2- ክልቲኦም ውድባት ሰላማዊ ህዝቢ ከጽንቱ ንብረት ህዝብን መንግስትን ከዕንዉ ድሕር ዘይብሉ ግብረሽበራዊ ጉጅለታት እዮም።
3- ክልቲኦም ውድባት ንህዝቦም ብጸቢብ ብሄራዊ ትምክሕቲ መልሚሎም ንህዝቦም ናብ ኩናትን ህልቂትን ዘእትዉን ንካልኦት ንምቕታል ድሕር ዘይብሉ እዮም።

ታሚላውያን ክሳብ ግንቦት 2009 ንዝበዝሕ ሰሜናዊ ምብራቕ ክፋል ብሓያል ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ተቋጻጺሮሞ ነይሮም። ንዋና ከተማ ኮሎምቦ ብፍንጀታትን ቦምታትን ንነዊሕ ዓመታት ኣርዒዶማ ነይሮም። እንተኾነ መንግስቲ ሲሪላንካ ብዝወሰዶ ሓያል መጥቃዕቲ ነታ መደበር ግብረሽበራ ዝነበረት መጸብበ ጃፈና ብምቁጽጻር ንመብዛሕትኦም መራሕቲ ብምቕታል ብምእሳርን ታሪኽ ታሚል ታይገርስ ነበረ ያነበረ ኮይኑ ተሪፉ።

ታሪኽን ኣካይዳ ወያነን ክንርእዮ እንከለና ብዕላማን ተግባርን ካብ ናይ ታሚል ታይገርስ ዝኸፍኤ እንተዘይኮይኑ ካብኡ ዝፍለ ኣይኮነን። ምዕራባውያን ሃገራት ስለምንታይ እየን ንታሚል ታይገር ኮኒነን ንወያነ ሕጂ ዝሕብሕባ ዘለዋ?

ናይ ምዕራባውያን ሃገራት ድርብ መለክዒ ኣብ ብዙሕ ፖለቲካዊ ጉዳያት ክርኤ እንከሎ መሰረቱ ቀዳማዊ ረብሓኤን እየን ዝጥምታ። ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ ደሞክራስን ምርጫን ግዝኣተ ሕግን እኹ ዝምህራን ዝምጉታን እንተኾና ኣካይድኤን ነዚ ዝጻረር እዩ። ንኣብነት ወያነ ኣብ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ብምጥፍፋእ ብምርጫ ክዕወት እንከሎ ረእየን ከምዘይራኣያ ይድግፍኦ ነይረን። ሕጂ ድማ ብልጽግና ፓርቲ ብተዛማዲ ካብ'ቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተገብረ ምርጫታት ዝሓሸን ደሞክራስያውን ብምርጫ ምስ ተዓወተ ክሳብ ሕጂ እዘን ምዕራባውያን ነዚ ምርጫ ኣፍልጦ ኣይሃብኦን ዘለዋ። ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ካልኦት ሃገራት ከም ኒካራጉዋን ቨንዝወላን ብደሞክራስያዊ ምርጫ ንዝቖመ መንግስታት ንከይቕጽል ብዙሕ ተጻብኦታትን ናይ ቁጠባ ሽርሒትን የካይዳሎም ኣለዋ። ብሓፈሽኡ ደሞክራስን ግዝኣተ ሕግን ንምዕራባኣውያን ሃገራት ድርብ መለክዒ ዘለዎ ናይ ሽፈጥ መሳርሒ እዩ።

ኣብ ኣርእስትና ተመሊስና ወያነ ንህዝቦም ብምጽናትን ንህዝቢ ኢትዮጵያን እዚ ዞናን ዝህውኽ ወተሃደራዊ ዕንደራ የካይዱ ኣለዉ። ኩሉ ነገር ግን ናቱ ደረት ኣለዎ። እዚ ናይ ወያነ ዕንደራ'ውን ናቱ ደረት ክህልዎ እዩ። ላስቲክ ተመጢጣ መወዳእቱኡ ናብ ዝነበረቶ ትምለስ ወይ ድማ ተበጣጢሳ ኣብ ዘላቶ ትተርፍ። ናይ ወያነ ትዕቢትን ትምክሕትን መወዳእትኡ ጥፍኣትን ተበጣጢስካን ምትራፍ እዩ። ወያነ ካብ ገጽ ምድሪ ንክጠፍእ ግን ኣብ'ዚ ዞባ ዘለዋ መንግስታት ብሓባር ክሰርሓ ግድነታዊ ምርጫ እዩ።

ግርማይ የማነ
ርያድ ሱዑዲ ዓረብ 11/11/2021